ሓዳስ ኤርትራ

15-17 **ሚያዝያ** 2009

# ሚዛን ወርቂ

**ተስፋኣለም ገ/ስላሰ (ጫረ)**

**ባህርን ፖለቲካዊ ባህልን ህዝባዊ ግንባር፣ ብጽኑዕን ዓቃልን ኣጣምታ ምምራሕን ምስራሕን እዩ። ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ካብ ስምዒትን ተርባጽን ታህዋኽን ርሒቑ ንህልውን መጻኢን፣ ብልክዕን ብዝግባእን ብደቂቕ መርሚሩ ዝሰርሕ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ወትሩ ካብ ባይታ ሓቂ ነቒሉ፣ ኣብ ባይታ ሓቂ ይዓልብ። ብመስፈር ግዜ ኣረኣእያኡ፣ ኣተሓሳስባኡን ውሳኔኡን እናሓደረ ይኸብድ። ከም ወርቂ ሚዛን ረዚን እዩ።**

**መሪሕነት ህ.ግ፣ ነተን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ኣንጻር መስፍንነት ኢምብራጦርያን ደርግ ዝቃለሳ ዝነበራ ደሞክራሲያዊ ሓይልታት’ ውን ብዘይገላበጥን ቅኑዕን ኣመለኻኽታን፣ ካብ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ምስቲ ጽባሕ-ጽባሕ ዝገላበጥን ከም ክንቲት ዝፈኩስን መርገጺኡን ባህርን- ወያነ እናመዘነ እዩ ተጓዒዙ።**

**ህወሓት፣ ንብሄራዊ ሕቶ ክምልስ ብ18 ለካቲት 1975 ብረታዊ ቃልሲ ክጅምር ከሎ፣ ንኣዝዩ ጸቢብ ኩርናዕ ሓሳባት እዩ መሪጹ። ስፍሓት ጠመተኡ ካብ ቅርኒብ ዓይኑ ዝርሕቕ ብዘይምንባሩ፣ ካብ መንቅሎኡ ባህሪ ዘይርጉእነትን ዘይቀጻልነትን እዩ ነይሩዎ። እቲ ዘይቀውም መርገጺኡን ብኩነት ዝግዛእን ዝቀያየርን ባህሩ፣ እናሓደረ ከም ክንቲት ከፍኩሶ ግድን እዩ። ነዚ ዘብርሃልና ካብቲ ኣዝዩ ብዙሕ፣ ሓደሽሕኣዊት ኣልዒልና ንምጥቃስ መዛግብ ታሪኽ እንተ ገንጺልና፣ ነቲ ሓቂ እዩ ዝያዳ ዝኹልዖ። ካብቲ ኣዝዩ ብዙሕ ውሑድ ምጥቃስ ከኣ ኣኻሊ እዩ።**

> ***…ኣብዚ ግዜ’ ዚ መሪሕነት ህ.ግንባር ዝገበረትልና ሓገዝ ርኢና ብጣዕሚ ተሓጒስና። ከምኡ ዝኣመስለ ሓገዝ’ ውን ከም ዘየቋርጽ ንኣምን። …። ብተወሳኺ ብግንቦት 10 1968 ብኣቈጻጽራ ግእዝ፣ መሪሕነት ህ.ግንባር ዝተዛረበታ ቃላት “ ዓሳ ካብ ባሕሪ ኣውጺእካ ከም ዘይመውት ጌይርካ ንምትሓዝ ይከኣል እዩ። እንተኾነ ሓገዝና ከምኡ ክኸውን ኣይንደልይን። ዝብል ዓቢ ተስፋ ኮይናን ተጋድሎና ንቕድሚት ንኽግስግስ ብሞራል ክብ ኣቢልዎ ይርከብ። … ኣብ መወዳእታ መታን ሃንደበት ከይኮነኩም ሳላሳ ዝኣኽሉ ሓደስቲ ተጋደልቲ ንልእኽ ኣሎና። እዞም ሰባት’ ዚኦም ዘድሊ ወታህደራዊ ታዕሊም ክትህቡልና’ ሞ ብሓጺር እዋን ኣዕጢቕኩም ክትሰዱልና ሓደራ እብል።***
>
> ***” ዓወት ንጭቁን ህዝቢ ዓለም፣ ተ ሓ ህ ት (ተጋድሎ ሓርነት ህዝቢ ትግራይ)***
>
> *1976*

ህዝባዊ ግንባር፣ ንወያነ ካብ ታተ እዩ ብኹሉ መዳያት እግሪ ከትክሎ ጽዒሩ። እቲ ዝሓሰቦን ዝብሎን ከኣ፣ ንስለ ምድጋፍን ባዶ ምሕዝነት ዘይኮነ፣ ንርሑቕን ዘዐውትን ዕላማ እዩ ዝጥምት። ደብዳቤታት ህወሓት ናብ ህዝባዊ ግንባር' ውን፣ ነዚ ዝተጠቕሰ ዝውክሉ እዮም። ካልኣይቲ ኣብነት' ውን ክንውስኽ ንኽእል።

*በዚ መሰረት እዙይ በወገና ንገብሮ ዘለና ብረታዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ነዚ ሓይሊ እዙይ ንምዕጋት እኹል ኣይኮነን። ስለዙይ፣ እዚ ሽግር እዙይ ሽግር ናይ ኩላትና ስለ ዝኾነ፣ ምንም እኳ ህ. ግ. ሓ ኤ ብናይ ርእሰ ውሽጣዊ ጸገማት ብግቡእ እንተተረዳእና፣ ዝዓቕማ ናይ ብረትን ጥይትን ቦምባታትን ናይ ፖለቲካዊ ደገፍ ክትገብሩልና፣ ነዚ ኣንጻር ኣድሓርሓርቲ ንገብሮ ዘሎና ናይ ዓወት ወይ ሞት ቃልሲ ከተባብዕ ንጸብ።*

*6 ሚያዝያ 1977 ዓ. ም*
*ብግእዝ 30/8/1969*

ባህሪ ህዝባዊ ግንባር፣ ካብተን ዝርካቡ ትሕዝቶ ቍሩብ ቍራቦኡ፣ ከም ካብ ፍረ ስገም መቒሉ ዝሓድር ሊጋስ ወሃቢ ገይረን ሂበን ከይበለ፣ ደጊፉዎም። ግን ነቲ ዝቐርበሉ ዝነበረ ናይ ሞሳን ምስጋናን ቃና ገዲፉ፣ ሞራላዊ ግዴታኡ ስለዝኾነ ክቕጽል ምኳኑ ብምግላጽ ንሓዋሩ ደገፍን ሓይልን ዝኾኖም ሓሳባት እዩ ክሕግዞም ዘቐድም።

*"…4ይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ህ. ግ. ሓ ኤ ምስ ኢትዮጵያ ዘለዎ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓሳት ከደልድለሉ ዝግባኦ ምሕዝነት ብዓቢ ተገዳስነት ድሕሪ ምዝታይ ምስ ውድብኩም ዝጸንሐን ዘሎን ምትሕግጋዝ ዝያዳ ንምድልዳል፣ ዘድሊ ጻዕሪ ክግበር ብዘሕልፎ ናይ ለበዋ ውሳኔ መሰረት፣ በዛ መልእኽቲ እዚኣ ምሕዝነትናን ምትሕግጋዝናን ክብ ንምባል ቅሩባት ምኳንና ነረጋግጽ።*

ዓወት ንሓፋሽ

**ማ/ሽማግለ**
30/10/1978

እዚ ጽሑፍ እዚ፣ ኣብ ፈኲስ ሸክና ርእሲ ወያነ፣ መልእኽቲ ነይሩዎ። ሕቡር ቅልጽም ደርማስ ሓይሊ ምኳኑ፣ ደሞክራስያውያን ሓይልታት ኢትዮጵያ ካብ ጸቢብ ናብ ሰፊሕ፣ ካብ ብተናጸል ብስሙር እንተተጓዒዘን ጥራይ ዓወት ዝጐናጸፉ፣ እምነት ህግ ነይሩ። ወያነ፣ ነዚ ሓሳብ እዚ ኣብታ ብ1979 ናብ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ዝጸሓፉዋ ከምቲ ህ. ግንባር ዝመኸሮም ምፍጻሞም እትገልጽ ደብዳበ ይንጸር እዩ።

*…እቲ ምዕባለ ናይ 4 ዓመት ሓድሽ ዲሞክራሲያዊ ወያነ ህዝቢ ትግራይ ዝሓተቶ ቅድሚ ወርሒ ኣቢሉ ዝተኻየደ ቀዳማይ ውዱባዊ ጉባኤ ተሓሀኤ ብዓወት ከም ዝተዛዘመ ነበስረኩም። እዚ ድማ ውጽኢት ናይቲ ኣብ መትከል ተደሪኽና ብሓባር ዘካየድናዮ ህዝባዊ ወያነ ምኳኑ ኣየጠራጥርን። በዚ መሰረት ጉባኤና ኣብቲ ህልዊ ኩነታት ተደሪኹ ምስ ሰውራ ኤርትራ ዘለዎ ስትራተጂያዊ ዝምድና ብዝያዳ ንምድልዳልን ናይ ሓባር ዕማም ንምክያድን ስለ ዝሐንጸጸ ምስቲ ብወከልቲ ወያነ ኤርትራ ተመስሪቱ ዘሎ ላዕለዋይ ፖለቲካ መሪሕነት ተራኺቡና ንኽንዛተየሉ ለበዋ ነቕርብ።"* ይብሉ።

ህዝባዊ ግንባር ግን በቲ ዘይቅየር መርገጺኡ፣ ወያነ መገዲ የማን ክሕዝን ተጓዒዙ ክዕወት፣ ካብ ጸቢብ ኣመለኻኽታ ክናገፍ ብዓለም ብስለት ከቃልሶ ፈቲኑ። ኣብታ ናብ 1ይ ውዱባዊ ጉባኤ ተ.ሓ.ህ.ት ዝለኣኻ ደብዳቤ' ውን ኣድማሶም ከስፍሑ ጸዊዑ።

> *"... ህዝቢ ኢትዮጵያን ህዝቢ ኤርትራን ኣጸቢቑ ጂኦግራፊያዊ ስትራተጂ ናይ ሓባር ደርባዊ ረብሓን ጥቕምን፣ ናይ ሓባር ፋሽሽታዊ ደርባዊ ጸላኢ ስለ ዘለዎም፣ ኩሎም ኣብ ኤርትራን ኣብ ኢትዮጵያን ዘለዉ ናይ ምግስጋስ ሓይልታት፣ ኣብዚ ከባቢ እዚ ሓርነትን ፍትሕን፣ ሰላምን ግስጋሰን፣ ዲሞክራስን ንምምጻእ፣ ኣብ ኣህጉራዊን ሃገራውን ጽፍሒታት ሰሙር ግንባር ንኸምስረት ታሪኻዊ ተልእኾኦም ስለ ዝኾነ፣ ነዚ ኣብ ግብሪ ክትርጉሙ ሰውራዊ ጻውዒትና ነቕርብ።"*

*4 **ለካቲት** 1979*

ክቡር ሰብ ክቡር ሓሳብ እዩ ዘመንጭው። እቲ ዘምጽኦ ኣረኣእያት ከኣ፣ ብግዜ ዘይበልዩ ኪዳን ሓይሊ ይፈጥር። ተ. ሓ ህ ት ግን፣ ኣብ ሓሳብን ሓይሊ ሓሳብን ዝምራሕ ገዲፎም፣ ነቲ ንለውሃት ህዝባዊ ግንባር ብዝከኣለካ ምምዝማዙ ዝብል ፈሊጦም ተመርኲሶም ኣብ ነገራዊ ደገፍን ሓገዝን እዮም ከይረብረቡ ዝሓቱ። ካብቲ ብዙሕን እንተላይ ዓይነታዊ ጠለብ ወያነ ካብ ህ.ግ፣-

> *ኣቑዲምና ወያናይ ሰላምታ ነቕርብ። ካብዚ ቀጺልና ካብ ህግሓኤ ክግበረልና ንደልዮ ናይ ዕጥቂ፣ ሓገዝ፣ ዓይነትን ብዝሕን ንዝርዝር። ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ ብዝሕን ዓይነትን ነቲ ሜዳ ህወሓት ዝደልዮ ሚዛን ዝደረኸ እምበር ናይ ህግሓኤ ትሕዝቶን ናይ ትራንስፖርት ጸገምን ኣብ ግምት ዘየእተወ ምኳኑ፣ ኣቑዲምና ክንገልጽ ንፈቱ።-*

> *ብረት፣---ካላሽን ካብ 200 ንላዕሊ፣ - ሲማኖቭ ካብ 300 ንላዕሊ፣-ኣቶማቲክ ዘይኮነ ብረት (ችኮዝ ጓንዴ) ካብ 500 ንላዕሊ፣ - R p G - 5፣ - እግሪ ናይ ግሬኔቭ -5 ጥይት፣ - ካላሽን ካብ 300, 000 ንላዕሊ፣ - M14 -100, 000፣ - ችኮዝን ጓንዴን 50, 000፣ - M1-50, 000 ቁምቡላታት፣*
> *-ናይ ኢድ,ቦምባ- ካብ 300 ንላዕሊ፣*
> *- RPG (7)- 100 ሮኬት፣ - RPG (2)- 50 ሮኬት 4 ፣*

> *እንተተረኺቡ ራድዮን ክሻፋን ክፉፍን*

> *ብተወሳኺ፣ ምስ ህግሓኤ ተዓቂቡ ካብ ዝነበረ ዕጥቂ እዚ ዝስዕብ ክንወስድ ንደሊ። ክላሽን -60፣ ሲማኖፍ- 13፣ ችክስ- 18፣ ጓንዴ- 35፣ - RPG (7)-1 ምስ 8 ቁምቡላ፣ ነቶጒቲ ናይ መኪና-200።*

*ግደይ ዘርኣጽዮን*
*ም/ኣቦ ወንበር*
*10/6/79*




ወያነ፣ እናሓደረ ናብቲ ዝተበገሰሉ ጸቢብ መንቅሎ ምስ ኣንቀደ፣ ህዝባዊ ግንባር፣ ሕብረት ምስ ደሞክራስያውያን ሓይልታት ክገብር ደጋጊሙ’ ዩ ጸዊዑ። ጻውዒት ንምምስራት ምሕዝነታዊ ግንባር ምስ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ደሞክራሲያውያን ሓይልታት ካብቲ ንወያነ ንምምእዛን ዝሀቦ ዝነበረ ሓበሬታ’ ዩ። ካብቲ ብዙሕ፣-

*“ቀርኒ ኣፍሪቃ፣ ቅሳነት ዝሰኣነ ዞባ ምኻኑ፣ ጠንቂ ዘይቅሳነቱ ስቅያት ህዝቢታት መስፋሕፍሒን ዓብላልን ዕላማ ስርዓት ኣዲስ ኣበባን ምስ ዝቃዶ ናይ ዓለም ሓያላን ጐባጢ እስትራተጂታትን ምኻኑ፣ ቃልሲታት ህዝቢታቱ ምእንቲ ኪዕወት፣ ዝተመሓላለኸ ጉዕዞ ብጽንዓት ኪሰግር ከምዘለዎ፣ ሓደ ካብ ረቛሒታት ዓወቱ ከኣ ምትራር ምሕዝነት ቃልሲ ህዝቢታት ምኻኑ፣ ነዚ ምሕዝነት እዚ ንምልሕላሕ ዝውሰድ ፖሊስታት ዝኾኑ ዓበይቲ ኣደናቒን ዝመስል መደረታት ይግብረሉን ግጉይ ምኻኑ፣ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ዘውጽኦ መተሓሳሰቢ ኣረጋጊጹ ነይሩ።*

*…እቲ ጻውዒት ሓድሽ ኣይኮነን። ሓድሽ ጠለብ ኣይኮነን። ሓድሽ ድሌት’ ውን ኣይኮነን። ምስ ግዜ ዝቀያየር ሕቶ’ ውን ኣይኮነን። ናይ ታሪኽ ግድነት እዩ። ብዘይ ምሕዝነትን ምትሕግጋዝን ናይ ኩላቶም ደሞክራስያውያን ሓይልታት ናይዚ ከባቢ መስፋሕፍሒ ሕልሚታት ስርዓት ኣዲስ ኣበባ መዋድይቲ ናይ ዓለም ሓያላን መኪትካ፣ ናይ ከባቢና ምርግጋእን ሰላምን ኣምጺእካ፣ህዝቢታትና ኣብ ራህዋን ምትሕግጋዝን ግስጋሰን ከም ዝነበር ምግባር ዘድሊ መስዋእቲ ስለ ዝሓትት።”*

4/2/1979

**ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ህ.ግ፣**



ንኹሉ እቲ ጸቢብ ብስም ብሄራት ዝካየድ ኣድሓርሓሪ ምንቅስቓስ ኣብ ኢትዮጵያ ይቕበሎ ኣይነበረን። ነዚ ኣመለኻኽታ ንምዕባይ' ውን ሓያል ጻዕሪ ኣካይዱ እዩ። ደብዳቤታት ወያነ' ውን ዝምስክሮ ሓቂ እዩ።

> *"…ቅድሚ ሕዚ፣ ኣብ መንገዖ ህዝብናን ህዝቢ ኤርትራን ዘሎ ርክብ ብምርኣይ ኣህጉራዊ ሰውራዊ ግቡእኩም ብምፍላጥ ንገድልና፣ ብዝገበርኩምዎ ሓገዝ ብስም ህዝብና ነመስግነኩም። ብፍላይ ድማ ብዛዕባ ገድልና ዘድሊ ጽንዓት ንምግባር ተጋዳላይ፣ ተጋዳላይ የማነ (ጃማይካ) ስለ ዝለኣኽኩምልና፣ "ናይ ገድልና ትሕዝቶ ንኽፍልጥ ረዲኡና ኣሎ" ኢልና ንኣምን። ብዛዕባ ገድልና ድማ ብዝበለጸ ምሳኹም ንምርድዳእን ንምዝራብን ብስም ገድልና ተጋዳላይ ስሑልን ተጋዳላይ ስብሓትን ወኪልና ልኢኽና ኣለና።*

*ምስ ገድላዊ ሰላምታ*
*ክፍሊ መሪሕነት*
*19/8/1975* ***ግእዝ***

ህ.ግ፣ ንተጋደልቲ ወያነ፣ ብቋንቋ ግብሪ’ ዩ ኣሰልጢንዎም። ምሂሩ ግን ምሂረ ኣይብልን። ንገለ ካብቲ ባዕሎም ኣባላት ፖሊት ቢሮ ዝሰድዎ ዝነበሩ ቃል ምስጋናን ጸብጻብን ምርኣይ ግን ንክብደት ናይቲ ባህሪ ጥራይ እዩ ዘርእየና ።

*ኣብ ክፍለ ስርሓትኩም ዘድሊ ትምህርቲ ንኽወስዱ ዝመረጽናዮም ብጾት ጠርኒፍና ንሰዶም ኣለና። 1 ናይ ሃንደሳ ትምህርቲ ዝማሃሩ 23 2 ናይ ቦጠሎኒ ሕክምና ዝመሃሩ 36 3 ናይ ስእሊ ትምህርቲ ዝመሃሩ 2 (ሓዲኡ ንመምህርነት) 4 ናይ ራሕባ ትምህርቲ ዝማሃሩ 23 ብዝተረፈ እንተተኻኢሉ ድማ ናይ ታይፒንግ ( ትግርኛ) ትምህርቲ ዝማሃሩ 6-7 ብጾት ንኽመሃሩልና መሪጽና ሰዲድናዮም ኣለና።*

*30 ግንቦት 1981*



ኩሉ መዳያዊ ደገፍን ሓገዝን ህ.ግ. ንተጋደልቲ ወያነ፣ ዓሳ እናጀለበ ዘይኮነ ዝምግብ፣ ምግፋፍ ዓሳ ዝምህርን፤ ቀንዴል ማዕዶ ኣርእዩ ቀንዴል ፍልጠት ዘጨብጥን ኢዩ። ኣብቲ ብምኽንያት 2 ለካቲት 1983 ዝሰደዶ መልእኽቲ’ ውን፣ ገይረ ኣበርኪተ ከይበለ፣ ናብ ራእይ ዜተኮረ መልእኽቲ ኢዩ ሰዲዱ ህ.ግንባር።

*ንቃልስኹም እናደገፍናን ነቲ ኣብ ዝሓለፈ 7 ዓመት ዘካየድኩምዎ መሪር ናይ ቃልሲ ዓወታት እናሞጎስናን፣ ሕጂ’ ውን ብምኽንያት 8ይ ዓመት፣ ንዝሓለፈ ተመክሮኹም ገምጊምኩም ንዝተሓፍሰ ዓወታት ዓቂብሉ፣ እዚ ሕጂ ዘሎ ወራር’ ውን ከም ኩሎም ናይ ቅድሚ ሕጂ ከም ዝፈሸል እናረጋገጽና፣ ኣብ ጐኒ ተካይድዎ ዘለኹም ቃልሲ ምኻንና ደጊምና ነረጋግጽ።*

*17/ 2/83*

እናሓደረ ዝፈኲስ ባህሪ ወያነ፣ ንቅኑዕ መሪሕነት ህ.ግ ብግብሪ እናተዓዘበን ደገፍ እናለመን፣ ዝገላበጥ መርገጺ እዩ ተኸቲሉ። ገለ ካብኡ ህ.ግ፣ ንኣቓልቦ ህዝቢ ኢትዮጵያውያን ከስምር ይፍትነሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፣ ወያነ ዝወሰዶ ዝነበረ ተናኻሲ መርገጺ እዩ።

ብምኽንያት መበል 23 ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ

*... ህዝቢ ኤርትራ ህግ፣ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓለም ካብ ዝካየዱ ዘለዉ ብረታዊ ቃልስታት እቲ ዝነውሐ ጥራይ ዘይኮነስ እቲ ዝኸፍአ' ውን ኢዩ። እቲ ዝሓለፈ መከራ ዝመጣጠን ናይ ሞራል ይኹን ናይ ማተርያል ሓገዝ ከይረኸበ ክሳብ ክንደዚ ተሪሩ ዝተቓለሰ ህዝቢ ኤርትራ ሓራ ናይ ምውጻእ ድልየቱ ንኸዐውቶ ዘለዎ ውፉይነት ፈተውቲ ሰላም ክርድእዎ ይግባእ ...*

ዝብል ቃል እኳ እንተ ኣስምዐ፣ ወያነ ዝምድናታቱ ኣብ ስልቲ፣ ርክባቱ ኣብ ረብሓ እምነት፣ ኣብ መትከል ስለዘይነበረ ግን ደልዲለ ኢሉ ኣብ ዝኣምነሉ ወቕቲ ነቲ ህ.ግንባር ሕብረት ደሞክራስያውያን ሓይልታት ንምፍጣር ዝገብሮ ዝነበረ ጻዕሪ ብምንጻግ ኣብ ልዕሊ ህ.ግንባር ክዘምት ተራእዩ። ህ.ግንባር ሽዑ' ውን ልቢ እዩ ኣዕቢዩ።

*"ኣብ መንጐ ህግሓኤን ህወሓትን ዝነበረ ዝምድናን ምድግጋፍን ጨሪሱ ጠጠው ምባሉ ኣብ ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ቃልሲ ክፈጥሮ ዝኽእል ኣሉታዊ ጸቕጢ ኣናኣኢስካ ዝርአ ኣይኮነን። ነዚ ንምውጋድ ንኽልተና ወገን ማዕረ ሓላፍነትን ምንቅስቓስን ከም ዝሓተና ጽኑዕ እምነትና' ዩ።*

*ብርግጽ ንኽልተኦም ውድባት ዝፈላለዩ ዓበይቲ ናይ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ነጥቢታት ኣለዉ። ብዲሞክራሲያዊ ናይ ቃልስን ናይ ሓድነትን ኣገዳስነትን ግን ክልተኦም ውዱባት ንኽደጋገፉ ይኹን ንዝምድናኦም ንኽደልድሉ ዘኽእል ወድዓዊ ኩነታት ኣሎ ኢልና ንኣምን።*

*21 ታሕሳስ '85*

ህዝባዊ ግንባር፣ ነቲ ኣብ ጽላሎት ተሰቒሉ ክብርኽ ዝህቅን ሓይሊ ወያነ በቲ ልሙድ ባህሪ ረጊኡ ጥራይ እዩ ዝከተታሎ። እቲ ልምዲ ስለ ዘጽንየ ኣይሕድሶን። ወዲ ዱሙ ነይገድፍ ግብረ እሙ እዩ። ወያነ ኣብ ከምዚ ኩነት ነቲ እግሪ ዘትከሎን ኣብ ውሽጢ ዓለም ዘፍለጦን ህ.ግንባር ጋግዩ ድሕሪ ሕጂ ዝምድና ክግበር እንተኾይኑ እዞም ቅድመ ኩነት ንእዝዘካ ክብል ተሰሚዑ፣

*... ናይ ሰላም ሃዋህው ንኽህሉ ህግሓኤ ክገበሮ ዝግባእ፣- - ንህወሓት ኣፍቂዱን መምርሒኡን ኣኽቢሩን ጥራይ ዕጡቓቱን ኣባላቱን ብሓራ መሬት ክሕልፍ ይኽእል -ኣብ ትግራይ ወተሃደራዊ ስርሒት ክገብር፣ ብቐጻልነት ሰራዊቱ ከቐምጥ፣ ፕሮፖጋንዳዊ ስራሕ ክካይድ፣ ክውድብ፣ ክዕጥቕን ኣይፍቀድን።*

*-ኤርትራውያን ናብ ትግራይ ክኣትው ይኽእሉ። ናይ ህ. ግ, ሓ. ኤ ወረቐት ግን ናብ ኩሉ ሓራ መሬት ትግራይ ዘይበጽሕ ምዃኑ ይፈልጥ።*

***ህወሓት***
***ግንቦት** 1986*

ወያነ፣ ትርከ ምርኪ ብምምእራር ክዕው ቅድሕ ክብል ምባሉ ንህ. ግ. ኣየገረሞን። ተሪሩ ዝቕጽል መርገጺ ኣይኮነን። ወያነ ገለ ብ ዝደለየሉ፣ "ክንብል በለ እምበር ኣይተኻዕወን" ብምባል ካብቲ ቈይቍ ናብ ዕርቂ ክጓየ ኣይሓንኽን እዩ። ክንቲት ከመይ ኣቢሉ ክረዝንን ክሓፍርን!

ብኣንጻሩ መልእኽቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ንህዝቢ ትግራይን ንመሪሕነትን መሰረታትን ህውሓት ግን ከም ልማዱ ርጉእ ረዚን እዚ እዩ ነይሩ።

ህወሓት ብቐጻሊ ፍልልያት ኣለና ካብ ምባልን ንፍልልያት ሃሰው ምባልን፣ ፍልልያትና ነቃልሕ ካብ ምባልን ምቕላሕን ኣይዓረፈን። ናይ ግድን ፍልልያት ኣለና እንተተባህለ' ውን፣ ሕሳብ ናይ ምዕጻው ግድነት ኣይህሉን። ምኽንያቱ፣ ኣረኣእያታት ህግ፣ ናይ ሓደ ርእሱ ዝኸኣለ ህዝቢ ቃልሲ ዝውክልን ዝመርሕን ግንባር ኣረኣእያታት እምበር፣ ምስ ሓደ ካልእ ርእሱ ናይ ዝኸኣለ ብተምሳልን ተጣባቒ ክኾኖ ግድን ስለ ዘይኮነ። ህውሓት ምስ ህግ፣ ኣሎ ንዝብሎ ናይ ኣረኣእያታት ፍልልይ ንምድቃስ ወይ ሕሳብ ንምዕጻው፣ ጽቡቕ ጕስጓስ ኣብ ምክያድን፣ መተካእታ ህግ ዝኾኑ፣ ደሞክራስያውያን ወይ እስትራተጅያውያን ዝበሃሉ መሓዙ ምፍጣርን ዝገበሮ ፈተነታት፣ ብዘይካ ምቅሕሓርን ምርሕሓቕን መሓጕሲ ደርግን ኩሎም ተሓባበርቱን ትምክሕተኛታት ተጣበቕቲ ኢምብራጦርያ ኢትዮጵያ ምዃን ካልእ ውጽኢት ከም ዘይነበሮ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ።

ህወሓት በቲ ሓደ ህ. ግ. ከተሓጋገዞን ብሓባር ክሰርሕን እናጸውዐ በቲ ካልእ ብዛዕባ ንህዝቢ ኤርትራ ዝገበሮ ሓገዝ ክጀሃር ብናይ ሽምጠጣ ቋንቋ ድማ ህ. ግ. ንፍትሓዊ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ብሽምግልናን ብምምሽኽኻንን ክፈትሖ ከም ዝደሊ እናኣምሰለ ምቕራቡ የስደምም ጥራይ ዘይኮነ፣ ነቲ ናይ ምትሕግጋዝን ናይ ሓባር ስራሕን ጻውዒት ትርጉም ኣልቦ ከም ዝገበሮ ኣየጠራጥርን። ህዝባዊ ግንባር ሕጂ' ውን ከም ወትሩ ኣብ ቈይቍ ኪኣቱ ኣይደልይን። ግብሩን ስርሑን፣ ሓቀኛ ሕሉፍን መጻኢን ታሪኹ ባዕላቶም ክምስክሩ ስለዝኽእሉ።

ሓይሊ ወያነ ጉድል ኣብ ዝብለሉ ነቲ ጽሓይ ሃሪሙ ዘየንቀጸ ቃሎም ርስዕ ኣቢሎም፣ በታ ናይ ወትሩ መናዘዚቶም *"ክምብል በለ እምበር ኣይተኻዕወን"* ንምባል ግዜ ኣየጥፍኡን እዮም። ወያነ፣ ክንድዝኾነ፣ ቅድመ ኩነታት ከቐምጥን ከጉባዕብዕን ከም ዘይጸንሑ፣ ምስ ተሸገሩ ቃንኦም ብምልዋጥ እዚ ደብዳቤ ናብ ህ. ግንባር ልኢኾም።

> *" … ክሳብ ሎሚ ንደብዳቤታትና ኣወንታዊ ይኹን ኣሉታዊ ምላሽ ኣይበጽሓናን። ደጋጊምና ከም ዝኣወጅናዮን ኣብ ዝጸሓፍናልኩም ደብዳቤታት ከም ዝገለጽናዮን ናይ ክልቴና ውድባዊ ናጽነትን ረብሓን ዝሕሉ ርክብ ኣብ መንጐ*

*ክልቴና ክህሉ ኩሉ ሻዕ ካብ ምጽዓር ዓዲ ኣይንውዕልን። ብወገንና ናይ ክልተና ምድግጋፍ፣ ኣብዚ እዋን እዚ "መተካእታ ዘይርከቦ እዩ" ኢልና ስለ ንኣምን ሕዚ' ውን ምትሕግጋዝ ክንገብር ንዕድመኩም።*

*10/8/87*

ህግ፣ ቅድሚ ምዝራቡ ክልተ ሳዕ ዝሓሰበ፣ ቅድሚ ምውሳኑ ኣዳቒቑ ዝምርምር ባህሪ ስለ ዝነበሮ፣ ነቲ ዝገላበጥ ቃልን ግብርን ወያነ ኣዋህሊሉ ብርግኣት ጥራይ እዩ መሊሱሎም።

*"ናይ ታሕሳስ መልእኽትኹም በጺሑና። ብሓጺሩ ብኣዋጅ ከም ዘብራህናዮ፣ ህግሓኤ ምስ ህ. ወ. ሓ. ት ኣብ ቈይቍ ክኣቱ ድልየት የብሉን። ናብ ናይ መልኽቲታት " ከምዚ ኢልናዮም። ከምዚ ኢሎሙና' ውን ክንኣቱ ኣይንደልን። ኣብ ናይ ክልተኡ ህዝቢታት ቃልሲ ኣሉታዊ ጸቕጢ ኪፈጥር ዝደሊ መን ምዃኑ ግዜን ግብርን ባዕሉ ከብርሆ' ዩ።*

*…. ዘየድሊ ምዕባለን ምጉናጽን ከስዕብ ዝኽእል ዝበልኩሞ ጉዳይ ዶብን ንግድን ናይ ህ. ግ. ሓ, ኤ ኣብ ትግራይ ዝግበር ናይ ተዓለምቲ ኣወሳስዳን ኣገባብን ንምጉናጽ ምስምስ ምድላይ ጥራይ እዩ። ህ ግሓኤ ኣብ ምጉናጽ ክልተኡ ህዝቢታትን ውዱባትን ረብሓ ስለ ዘይብሉ ድማ፣ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ናይ ምጉናጽ ምዕባለ ከይመጽእ፣ ደረት ብዘይብሉ ብትዕግስቲ ክሰርሕ እዩ።*

*ፖ/ቤ/ጽ ህ.ግ.ሓ.ኤ*
*04 02 86*

ብርግጽ! እቲ ቅድሚ ርብዒ ዘበን፣ ዝጠመቶን ዝኣመቶን፣ ዝሓሰቦ ዝበሎን፣ዝነበሮን ዝሓለፎን፣ ዝተጓዕዞን ዝሰገሮን መገዲ፣ ኣብ ስብርባር ደቓይቕ፣ ነዚ ሓይሊ ምስትውዓልን ኣስተብህሎን ምዙን ርግኣትን ጥራይ ኢዩ ዘርእይ። ጉዳያት ይኽበዱ ይፍኰሱ፣ መድረኻት ይቕለሉ ኣይቀየረን። ወያነ ክገላበጥን ከም ክንቲት ክፈኵስን ከሎ ህ. ግ. ኣብ ደረጃ ኣይወረደን። ወያነ ከም ክሊማ ብንፋስ ክብ ለጠቕ ክብል ከሎ፣ ንህ. ግንባር ክዝልፍ ናይ ራድዮ ፕሮግራም ሰዓታቱ *"ሰቕታ ወርቂ' ዩ"* ጥራይ ኢሉ' ዩ መሊስሉ። ኣብታ ብኢድ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝተጻሕፈት ኣዋጅ ከኣ፣ *"ናይ ህዝባዊ ግንባር ትም ምባል ትም ኪብል ስለ ዝመረጸ ጥራይ እዩ"!*

ኣብዚ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ህወሓት ምስ ህግ ብዛዕባ ከማዕብሎም ዝደልዩ ፍልልያት ቀንዲ ውራይ ኮይኑ፣ ዘመተታት ከካይዱ ከም ዝጸንሑ ንኹሉ ብሩህ እዩ። እዚ ዘመተታት' ዚ፣ ብዘይካ ዝምድና ክልቲኡ ውድባት ምብልሻውን ድሑር ስምዒታት እናበራበረ ምሕዝነት ቃልሲ ህዝቢታት ምልሕላሕን፣ ፍሰሓ ጸላእትን ምዃንን መወዳእታ ከም ዘይህልዎ ዝኾነ ሰብ ክቕሽሽ ኣይግባእን። ትሕዝቶ፣ መበገሲ፣ ደራኽን ዕላማን ናይዚ ዘመተ እዚ፣ ብግዜ ኪንጸር እዩ። ህግ፣ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ትርጉም ኣልቦ ቈይቍ ኣትዩ፣ ግዜን ጸዓትን ናብ ዘይመዓላኡ ከባኽን ቁሩብ ከምዘይኮነ ማለት፣ ትም ምባል ስለ ዝመረጸ' ምበር ዝበሃል ሓርቢቱዎ ወይ ስኢኑ ከምዘይኮነ እናፈለጠ፣ ንኹሎም ተጋደልትን ህዝቢ ኢትዮጵያን፣

ኣብቲ ቀንዲ ናይ እዋንና ጉዳያትን ኣንጻር ቀንዲ ጸላኢ ናይ ህዝቢታትና ጥራይ ከተኩር የተሓሳስብ።

ህ. ግ. ከም ወርቂ ሚዛን፣ ኣብ መስፈር ግዜ፣ እናሓደረ ክደምቕ፣ ክሕይል፣ ክኸብድን ክትርጐምን ጥራይ ብምርኣዩ፣ ንፈተውትን ጸላእትን፣ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓሳባት፣ ድምጺ መገዱን ጉዕዞኡን፣ ቃሉን መግለጺኡን፣ ጠመቱን ርእየቱን ሓቀኛን ብግብሪ ከም ዝትርጐም ጥራይ እዩ ተረጋጊጹ። ወያነ ከም ክንቲት ኣብ መርገጺኡን ቃሉን እናሓደረ ክገላበጥን ክፈኩስን ከሎ፣ ህግ ግን ወትሩ ከም ወርቂ ሚዛን እናተኹልዐን እናኸበደን ይነብር።